ST. GABRIEL ERITREAN ORTHODOX CHURCH OF NY

# ቅዱስ ገብርኤል ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን

## ኒው ዮርክን ከባቢኣን

C/O Our Lady of Lourdes R.C. Church, 469 W. 142nd Street, N.Y, NY 10031

---

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላኽ ኣሜን።

ናብ ምእመናንን ህዝበ ክርስቲያን

ብሩኽ በዓል ልደትን ርሑስ ሓዲሽ ዓመትን ይግበረልና !
ቀጺልና ንቀዳም ዕለት 29 ታሕሳስ/December 2007 (ቀዳም 19 ታሕሳስ 2000 ዓ.ም.ግ ) ከምቲ ልሙድ ዓመታዊ ክብረ በዓል ቅዱስ ገብርኤል ቤተ ክርስቲያን ኒው ዮርክን ከባቢኣን ዝኽበረሉ ዕለት እዩ።

ቅዱስ ገብርኤል ሊቀ መላእኽት ሓደ ካብቶም ኣብ ቅድሚ ሰማያዊ ዙፋን እግዚኣብሔር ዝቖሙ ሸውዓተ ሊቃነ መላእኽቲ እዩ። " መልኣኽ እግዚኣብሔር ኣብ ዙርያ እቶም ንኣምላኽ ዝፈርሁ ሰባት ይሰፍር ካብ ኩሉ ክፉእ ድማ የናግፎም"(መዝ 34፡7)። ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ ቅዱስ ገብርኤል ድማ ኩሉ ግዜ ንብስራትን ምሕረት ደቂ ሰባትን ዝለኣኽ ክቡር መልኣኽ እዩ (ሉቃ 1፡26-28)።

እምበኣር ካብዛ ብብዙሕ ክፍኣትን ሓጢኣትን ትሳቐ ዘላ ዓለም ብሓይሊ እግዚኣብሔርን ብሓለዋ ቅዱሳን መላእኽትን ሕይወትናን ሕይወት ደቅናን ካብ ኩሉ ክፉእ ምእንቲ ክንድሕን ኣብ እንገብሮ ሓበራዊ ጸሎትን ምህልላን ምስ ስድራ ቤትኩም ክትሳተፉ/ፋ ብስም ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ብመንፈሳዊ ኣኽብሮት ንዕድም።

በረኸት ቅዱስ ገብርኤል ምስ ኩልና ይኹን !!!
ሰበኻ ጉባኤ ቅዱስ ገብርኤል ቤተ ክርስቲያን
ኒው ዮርክ

<u>ሰዓታት መደብና</u>

1. ስብሓታትን ማሕሌትን = 6፡00 — 8፡00 ንጉሆ
2. ጸሎተ ቅዳሴ = 8፡00 ---10፡00 ንጉሆ
3. ስብከትን ዑደትን = 10፡00 ---12፡00 ቀትሪ
4. ምሳሕ ንግደት = 12፡00 — 2፡00 ድ/ቀትሪ

ብደሓን ምጹ!!!